## ማሕበር ኮም ዳርምሽታትን ከባብን፣ መበል 15 ጽንብል ናጽነት ኣኽቢሮም

ባህላዊ ማሕበር ስድራን መእሰያትን እርትራ፣ ዳርምሽታትን ከባብን (ባማስመኤ) ብዕለት 27/05/06 ካብ ሰዓት 17:00 ክሳብ ፍርቂ ለይቲ፣ መበል 15 ዓመት ጽንብል ናጽነት ሃገሮም ኣብዒሎም:: እቲ ልዕሊ 150 ህጻውንትን፣ መንእሰያትን፣ ዓበይትን፣ ፈተውቲ ኤርትርን፣ ተሳተፍቲ ዝነበርዎ ድሙቅ በዓል፣ ኣብ ምጅማሩ፣ ካብ ተዓዘብቲ ዓቢ ኣድናቆት ዝረከበ ጉጅለ ህጻናት እቲ ማሕበር እዩ ብሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ከፊቶሞዎ:: ኣስዒቡ ኣቦ መወንበር ሽማግለ ማሕበር ኣቶ ተክለሰንበት ኪሮስ፣ እዚ ኣብ ትሕቲ „ናጽነት ጻማ ጽንዓትና፣ ራህዋ ፍረ ስራሕና“ ዝብል ጭርሖ ዝኽበር ዘሎ ሃገራዊ ጽምብል፣ ሰማእታትና ዝለገሱልና ኽቡር ህያብ ስለዝኮነ፣ እቲ ንዑዑ ክዋሃቦ ዝግብኦ ሉዑል ቱርጉም ተረዲእና፣ ሑጉስ ምሸት ክኸውን ብምምናይ፣ ቃል ማሕበር ኣስሚዑ፣ ኣስዒቡ ወናይ ድምጻዊ ተክላይ ኢሳቅ ብባህላውን ዘመናውን ደርፋታት ኣሰንዩ፣ ድሙቅ ባህላዊ ጸወታት ተጻዊቱ፣ ኣብ መንጎ እቲ ባህላዊ በዓል፣ ብሃብተማርያም ጽገ ተጻሒፉ፣ ብግርማይ ወልዳይ ዝተነበት፣ ንሓርነታዊ ቃልስን፣ ንሃገራዊ ነጻነትን እተንጸባርቅ መሳጢት ግጥሚ ፣ ሉዑል ኣቃልቦ ተዓዘብቲ ኔርዋ፣ ኣብ መወዳእታ ድምጻዊ ተኽላይ ብዘይ ዕረፍቲ ዱሙቅ ጸወታ ከጻውት ድሕሪ ምምሳይ፣ እቲ በዓል፣ ዑዉት ዕላማኡ ሃሪሙ፣ ቅድስ መንፈስ ብዝሰፈኖ፣ ብዝነኣድ ተዛዚሙ፣፣

ሰማእታትና ወትሩ ይዘከሩ፣
ሰላምን ራህዋን ካብ ሃገርናን ካብ ህዝብናን ኣይፈለ፣
ሽማግለ ማሕበር ዳርምሽታትን ከባብን